# ብርጋዴር ጀነራል ሓድሽ ኤፍሬም ኣብ ዶብ ሶማልያ ኬንያ ተታሒዙ፡፡

ስርዓት ህግዲፍ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ኣብ ጉዳይ ሶማል ኢድ የብለን እንዳበለ ክምሕል ክጥሕል እንተጸነሓ እኳ፡ ኣዛዚ ክፍለ ሰራዊት 19 ብርጋዴር ጀነራል ሓድሽ ኤፍሬም ዝርከቦም 4 ላዕለዎት መኮንናት ኤርትራ፡ ምስ ምብትታን ሓይልታት ስላማዊ መጋበእያን ሸባብን ሃዲሞም ናብ ኬንያ ክሰግሩ ከለዉ ኣብ ዶብ ሶማልያ ኬንያ ከምእተታሕዙ እሙናት ምንጭታትና ካብ ውሽጢ ኤርትራ ኣረጋጊጾም፡፡

ክሳብ ሕጂ ዝተረጋገጸ ሓበሬታና ከምዝገልጾ እቶም፡ ምስ እስላማዊ መጋበእያታትን ሸባብን ተሓዊሶም ዝሃድሙ ዝነበሩ፡ ብርጋዴር ጀነራል ሓድሽ ኤፍሬም ዝርከቦም ስለስተ ኮለኔላት ድማ፡ ወዲ ሃንስ፣ ተስፋኣለም በየነን መሓመድ ጥዑምን ማኧኖም ኣነጻጺርና ኣረጋጊጽና ኣሎና፡፡ ብርጋዴር ጀነራል ሓድሽ ኤፍሬም ገዲም ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባርን ብጭካንኡ ዝፍለጥ፡ ኮብሊልኩም፡ ናይ ዕረፍቲ ግዜ የሕሊፍኩም ኢሉ ንኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት ክቐትል ዝጸነሓ ኣረሜን'ዩ፡፡

ብተወሳኺ፡ ታሕተዎት መኮንናት፡ ናይ ካርታን ሓበሬታን ኪኢላታት፡ መራሒ ቦጠሎኒ ክፍለሰራዊት 36 ሳምሶን የማነ፡ ኣባል ሓይሊ ኣየር ኤርትራ በረኸት ተኪኤ ፈዴጋን መራሒ ሓይሊ ክፍለሰራዊት 36 ይርግኣለም የዕብዮን፡ ምስቶም ላዕለዎት መኮንናት ህግዲፍ ካብ ከባቢ ኪስማዮ ከምእተበገሱን ክሳብ ዶብ ሶማልያ ኬንያ ብሓደ ከምዝነበሩ ክፍለጥ እንተተኻእለ እኳ ብድሕሪኡ ናበይ ከምዘበሉ ዝተፈልጠ ጉዳይ የለን፡፡ ሜጀር በረኸት ተኪኤ ኣብ ኣመሪካ ናይ ዓመትን መንፈቕን ናይ ፓራሹት ትምህርቲ ዝወሰደን ስለያ ነፋሪት command post ኮይኑ ኣብ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ክሰርሕ ዝጸነሓ ምኧኑ ሓበሬታና የረጋግጽ፡፡

እቶም ካብ ሞት ዘምለጡ ብርክት ዝበሉ ኣባላት ፍሉይ ኣሃዱ ሓይልታት ምክልኻል ድማ ኣንፈቶም ኣጥፊኦም ኣብ ጫካታት ሶማልያ ኣብ ሕማቕ ኩነታት ከምዘለዎ እቲ ሓበሬታን ወሲኺ ኣረጋጊጹ፡፡

ስርዓት ህግዲፍ ምትእትታው ሓይልታት ኤርትራ ኣብ ሶማልያ ኣሉታ ክህበሉ እንተጸነሓ እኳ ክሳብ ውሽጢ ሶማልያ ኣትዮም ከምዝነበሩ ተረጋጊጹ ኣሎ፡፡

ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ
ኣዲስ ኣበባ
ጥሪ 23 2007